ቤት ፅሕፈት ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ኣብ 2011 በጀት ዓመት 1ይ ዙር ዕደጋ ዝተፈላለዩ ንብረት ምድብ1 (lot)ሃለቅትን ቀወምትን ናይ ፅሕፈት መሳርሒ፣ ምድብ2 (lot) ሃለቅቲ ናይ ፅሬት መሳርሒ ኣቅሑት፣ ምድብ3 (lot) ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቅሑት፣ ምድብ4 (lot) ናይ መኪና ሃለቅቲ ኣቅሑት፣ ምድብ5 (lot) ፈርኒቸር ኣቅሑት፣ ምድብ6 (lot) ዘገልግሉ ንብረታት ንጨረታ ንምቅራብ ብብርኪ ክልል ብግልፂ ኣወዳደሩ ክዕድግ ክሸይጥን ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ሕዳር 7, 2011 (ልዕሊ 8 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሕዳር 18, 2011 8:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሕዳር 19, 2011 9:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት ተሸከርካርቲ/ ዕንፀይቲን ስራሕቲ ዕንፀይቲ/ ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ካልኦት ዝሸወጡ/ ዘገልገሉ ኣቅሑት መሸጣ/

1 በቲ ዘፈር ናይ ዘመኑ ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ኦርጂናልን ሓደ ኮፒን ክተቅርቡ ትኽእሉ

2 ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቁፅሪ ቲን ሰርቲፊኬት ኦርጂናልን ሓደ ኮፒን ከቅርብ ዝኽእ

3 ንተወሳኺ እሴት ታክስ ቫት ዝተመዝገበ ቫት ምዝገባ ሰርቲፊኬት ናይ መስከረም 2011 ዓ/ም ቫት ዲክላሬሽን ኦርጂናል ኮፒን ከቅርብ ዝኽእል

4 በዚ ዘፈር ናይ መቅረባይነት ዝተመዝገበ ምኺኑን ናይ ዘመኑ 2011 ዓ/ም ዝተሓደሰ ምስክረ ወረቀት ኦርጂናል ሓደ ኮፒን ከቅርብ ዝኽእል

5 ናይ መወዳደሪ ዶክሜንት ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ፣ ናይቲ ትካል ሽምን ኣድራሻን ማህተምን ፊርማን ዘለዎ ከከውን ኣለዎ።

6 ኣብቲ ጨረታ ሰዓራይ ዝኮነ ተወዳዳራይ ዝሰዓሮ ንብረት ወዕሊ ካብ ዝኣስረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 10 ናይ ስራሕ መዓልቲ ብናይ ባዕሉ መጓዓዝያ ናብ ቤት ፅሕፈትና ስቶር ክፍሊ በቲ ዝተሓተተ ፅሬትን መጠንን ከቅርብ ዝኽእል፤

7 ተጫረቲ ዝተዳለወ ዝርዝር መምርሒ ጨረታ ሰነድ ጨረታን ምድብ 1፣2፣3፣4፣5 ንዘለው ዝርዝር ንብረታት ንሕድሕደ ሰነድ ዘይምለስ 100.00 (ሚኢቲ ቅርሺ) ምድብ 6፣ 50.00 (ሓምሳ ቅርሺ) ብምኽፋል ኣብ ከ/ስ/ዕ/ፋ/ምም/ቢሮ ቁፅሪ 103 ቤት ፅሕፈት ህ.ወ.ሓ.ት ምግዛእ ትኽእሉ። ምድብ 1 2 3 ካብ ዕለት 06/03/2011ዓም ክሳብ ዕለት 18/03/2011 ዓ/ም ኣብ ዘለው ተኸታተልቲ መዓልትታት ክፍቲ ኮይኑ ፀኒሑ ኣብቲ ዕለት 18/03/2011 ዓ/ም ድሕሪ ሰዓት 8:30 ተዓፅዩ ሰዓት 9:00 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዘለውሉ ይኽፈት። ብተወሳኺ ምድብ 4 5 6 ካብ ዕለት 06/03/2011ዓ/መ ክሳብ 20/03/2011 ዓ/ም ኣብ ዘለው ተኸታተልቲ መዓልትታት ክፍቲ ኮይኑ ፀኒሑ ኣብቲ ዕለት 20/03/2011 ዓ/ም ንግሆ ሰዓት 3:00 ተዓፅዩ ሰዓት 3:30 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዘለውሉ ይኽፈት።

8 ተጫረቲ ናይ ጨረታ መኽበሪ ውሕስና ንሕድሕድ ሰነድ ንምድብ 1 5000.00 ብር ፣ ንምድብ 2 ፣3፣4 3000.00 ብር፣ ጥራሕ ብጥረ ገንዘብ ወይ ሲፒኦ ወይ ብቼክ ብሸም ቤት ፅሕፈት ህ.ወ.ሓ.ት ፋይናንሰ ዘቅርብ ክኸውን ኣለዎም። ምድብ 6 ካብ ዝወዳደሮ ንብረት 3000.00 ብር ከትሕዝ ዝኽእል።

9 ቤት ፅሕፈትና ነቲ ጨረታ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕሉው እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

10 እቲ ጨረታ ምስተኸፈተ ቤት ፅሕፈትና ናይቲ ዝግዛእ ንብረት መጠን ክሳብ 25 % ክቅንስ ወይ ክውሰኽ ይኽእል እዩ።

11 ሰዓራይ እቲ ዘቅረቦ ንብረት ብበዓል ሞያ ተፈተሹ ትከክለኛነቱ ምስተረጋገፀ ጥራሕ ኣታዊ ኮይኑ ናብ ገንዘብ ክፍሊት ይኣቱ።

ንዝበለፀ ሓበሬታ 0342-419398-0935-231253 ምድዋል ይከኣል።

መተሓሳሰቢ ሰነድ ጨረታ ካብ ሰኑይ ዕለት 10/03/2011 ዓ/ም ጀሚሩ ዝሸየጥ ምኻኑ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle